# ኣል gls ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ: (45) 01.01..2008 http://www.aldawa.de


## ሙእተመር ፋልዳ 2008

### ካብ ዕለት 21.03.08 ክሳብ ዕለት 24.03.08

ኣብ ወርሒ ሰለስት ካብ ዕለት 21.03.08 ክሳብ ዕለት 24.03.08 ዓመታዊ ምትእኽካብ ናይ ማሕብር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ክካየድ ስለ ዝኾነ ንኹሎም ኣሕዋትን ኣሓትን ብትሕትና ንዕድም::
ምስ'ዛ መጺሔትና ኣታሓሒዝና እቲ ፎርም ናይ ሙእተመር ንሰደልኩም ኣለና::ነቲ ኣብቲ ፎርም ዘሎ ሓቤረታ ተወኪስኩም ብቕልጡፍ መሊእኩም ንኽትልእኩልና ንላበወኩም::

**ርእሰ- ዓንቀጽ** | **ሓጅ**

ብ.ሙሓመድ ኢማም

### ለቤክ አልላሁማ ለቤክ ፡ ለብቤክ ላሽሪከለካ ለቤክ
### ኢነልሐምዳ ወኒዕመታ ለካወልሙልክ ላ ሽሪከለክ

መዓልቲ ቆጺሩ ፡ ሰሙናት ሰጊሩ
እዋን ሐጅ አኺሉ ክውሕዙ ክሕጅጁ
ካብ ኩሉ ወገናት በበይኑ ዕድመታት
ብሐደ ልሳን ብሐደ ጻዕዳ ክዳን
ክውሕዝ ክትሪኦ ጻዕዳ ተወንዚፉ ፡
ብአየር ብመሬት ብባሕሪ ሰፊፉ ፡
ካበይሞ ካበይሞ ካበይከ ተሪፉ

አዋርሕ ጸብጺቡ ፡ ዓመት አርኪቡ
5ይ ዓንዲ ኢስላም ጸዊዑ አዋጁ
ሐደ ዝመዝሙሮም ብሐደ ተክቢራት
ለቤክ አል,ላሁማ ለቤክ ድምጺ ኢማን
ርሒብ ገዛ ረቢ ንኹሉ ጠርኒፉ
ለቤክ ክብል መጽዩ ንምሕረት ሃሪፉ
ቁጽሩ ዘይግመት ሚልዩናት ሐሊፉ

ሐጅ ናይ ኢስላም ዓንዲ ፡ ንነፍሲ ወከፍ ዝበቕዔ አስላማይ ፤ እንተተኻኢሉን እንተኽኢሉን አብ ሕይወቱ ሓንሳብ ክፍጽሞ ዝግባእ ፈርዲ (ግዴታ) እዩ ። ሐጅ እቲ ዝነወሔ ጊዜ ዝወስድ ዒባዳ እዩ ። ክሳብ አርባዕተ መዓልቲ አቢሉ ይወስድ ( ክነውሕ እውን ይኽእል) እንተኾነ እተን ቀንዲ ናይ ሐጅ አገባብ ዝፍጸማለን ፡ ካብ መዓልቲ ዓረፋ ክሳብ እተን ሰለስተ ናይ ተሽሪቕ መዓልታት ጥራይ እየን ። ሓጅ ካብ ገዛኻን ስድራኻን ተፈሊኻ ፡ ምስ ዘይትፈልጠም ሰባት (ዝተፈላለየ ጠባያት ዘለዎም) ናብ ዘይትፈልጦ ቦታ ፍልይ ዝበለ ናይ አየር ጠባይን ናይ መግቢ ዓይነትን ስለ ዘሳግረካ ንረቢ ክትብል አጅሪ (ዓስቢ) ክትከስብ ብሰብሪ (ብትዕግስቲ) ክትፍጽሞ ይምህረካ

ኣብ ገጽ (2)ይቕጽል……

## ትሕዝቶ ሕታም


ርእሰ-ዓንቀጽ ( ሓጅ).........................(1)
ስትና ሳራን ስትና ሃጀር. ዓ/ሪ ...............(3)
ሓፈሻዊ ትርጉም ሱረት ተባረክ(ኣያ 16 ክሳብ ኣያ 19 ) ..............................................(5)
ሙሓጀባ .....................................(6)
ዛንታ አቡበክር ኣልስዲቅ...................(7)
ናይ ሰላት ኣገባብ ...............................(9)
ሰይድና ኖሕ ....................................(11)
መልሲ ናይ ረትስል ቁ 43...................(13)
وصايا لقمان لإبنه ........................14.
Geduld ...........................................(16)

ናይ ሐጅ ግዴታ አመጻጽኣ ኣብ ሱረቱል ሐጅ ኣያ ቁ27 ከምዚ ንረኽቦ፡-

وَأَذِّنْ فِي النَّاسِ بِالْحَجِّ يَأْتُوكَ رِجَالاً وَعَلَى كُلِّ ضَامِرٍ يَأْتِينَ مِنْ كُلِّ فَجٍّ عَمِيقٍ (27)

ኣላህ ሱ.ወተዓላ ንሰዪዲና ኢብራሂም ነቲ በይቱላህ ኣልሐራም ኣብ መካ ዝሐበሮ ቦታ ንጎይታ ሺርካ ከይገብርን፣ ነቲ ቦታ ካብቲ ኣብኡ ዝነበረ ናይ ሺርክ ነጃሳ ጸርዩ፤ ንሐደ ረቢ ንዝግዝኡ ጠወፍትን ሰገድትን ንዝኾኑ ከዳሉዎ ኣዘዞ። ብተወሳኺI ሰዪዲና ኢብራሂም ናይ ሐጅ ኣዋጅ ክእውጅ,ሞ ካብ ኩሉ ሸነኻት መሬት ተወጢሖምን ብእግሮምን፣ ጻዊዒት ኣኽቢሮም ከም ምዝመጹ የረጋግጸሉ። ኢብኒ ከሲር ከም ዝጠቐሶ ፣

<< በየናይ ዓቕመይ ንኹሉ ከስምዕ >>
ምስ በለ ኢብራሂም ዓቕሙ ከይዝንግዕ ፣
ጎይታ በሎ ንስኻ ጥራይ ጸውዕ
ኣይትጠራጠር ኣይትበል ድንዕ
ኣነ እየ ጎይታ ዘይሰምዔ ዘስምዕ

እተን ናይ ሐጅ ዕለታት ኣብ ዝተወሰነ እዋን ናይ ዓመት ኮይነን ፣ ቆጸረአን ከኣ ኣብተን ቀዳሞት ዓሰርተ መዓልቲ ናይ ወርሒ ዙልሒጃ ክሳብ እተን ዝስዕበኤን ኣያም ተሽሪቕ ተባሂለን ዝጽወዓ ሰለስተ መዓልታት እየን። ኣላህ ሰ.ወ. ንዝእዝዞ ዒባዳ ኩሉ ብግሪኡ ተጠቀምቲ ንሕና ኢና። ትእዛዝ ረቢ ምፍጻምን ካብ ዝኽልከሎ ምኽልካልን ፣ ኣብ ኣዱንያ ዓወትን ቅሳነትን ፣ ኣብ ኣኼራ ጀናን ምሕረትን የረጋግጸልና። ንኣብነት ሰላት ኢነሰላታ ተንሀ ዓኒልፋሕሻኢ መልሙንከር ክብለና እንከሎ፡- ሰላት በቲ ጉቡኡ ተኸቲልና ክንፍጽሞ እንከለና በጀካ እቲ ኣብ ቃብርናን ኣብ ኣኺራን ኑር ዘብረሃልና ፤ ካብ እከይን ጸይቅን ከም ዝኽልክለና የረጋግጸልና ። ሲያም ክብለና እንከሎ እውን ውጽኢቱ ተቕዋ ከልብሰና ስለ ዝደለየ ምኻኑ ኣብ ሱረተልበቀራ183 ከምዚ ኣቢሉ ይብይን ፡-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا كُتِبَ عَلَيْكُمْ الصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى الَّذِينَ مِنْ قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ (183)

ናይ ሐጅ ግዴታ ክእዝዘና እንከሎ እውን *ከምኡ እውን ጠቕሞም ክሪኡ* (እቶም ንሕጃ ዝመጹ) ሊየሽሃዱ መናፊዓ ለሁም እቲ ጠቕሚ ምሕረት ክልምኑን ክረኽቡን - ረቢ ክፈትወሎምን ክሸውን እንከሎ ፣ ብኣዱንያዊ ረብሐኦም ምስቶም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ሓጀጅቲ ኣሕዋቶም ፣ዝተፈላለየ ሞያ ተራኺቦም ብሸቐጥ ይኹን ብንግዲ ክዛተዩ የረጋግጸሎም።
ቀጺሉ ኣብ ሱረት ኣልሐጅ ኣያ28ን 29ን:-

لِيَشْهَدُوا مَنَافِعَ لَهُمْ وَيَذْكُرُوا اسْمَ اللَّهِ فِي أَيَّامٍ مَعْلُومَاتٍ عَلَى مَا رَزَقَهُمْ مِنْ بَهِيمَةِ الْأَنْعَامِ فَكُلُوا مِنْهَا وَأَطْعِمُوا الْبَائِسَ الْفَقِيرَ (28) ثُمَّ لِيَقْضُوا تَفَثَهُمْ وَلْيُوفُوا نُذُورَهُمْ وَلْيَطَّوَّفُوا بِالْبَيْتِ الْعَتِيقِ (29)

እዚ ድማ እቶም ሐጀጅቲ ብሰላትን ብዚክሪን ብዱዓን ኣቢሎም ብስ ረቦም ክራኽቡ ድሕሪ ምቕናዮም ፣ ነተን ድም ረቢ ጠቒሶም ምእንቲ ረቢ ኢሎም ዝሐረዱወን ከብቲ (ጤለ በጊዕ ፣ ኣግማል፣ )
ንዝኽለቐሎም ጎይታ እናኣመስገኑ ንርእሶም በሊዖም ንድኻ እውን ከጥዕሙዎ *ከምቲ ረቢ ዝኣዘዞም) ብምብቀዖም ንረቢ ምስጋናኦም የቕርቡ ።
*መደምደምታ ግዴታኦም ተሐጻጺቦም ጸርዩም፣ ሊላህ ኢሎም* ክሐርዱ ቃል ዝኣተዉዎ እንተሊዩ ( ነዝር ) ፈጺሞም ፤ ነቲ ናይ *መዛዘሚ ጠዋፍ* ( ጠዋፍ ኣል ኢፋዳ) የከናውኑ እናበለ ብተወሳኺ ኣላህ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ቁርኣናዊ ጥቕሲ ኣላህ በዪኑዎ።
ኣልሐምዱሊላህ ።
*ፍቱዋት ኣሕዋተይ* ፡- እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኩሉ ብዛዕባ ሐጅ ዘጠቓልለለ ኣይኮነን እንተኾነ ነዚ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኸዕነ 5ይ ዓንዲ ምስልምና ፣ ተገዲስና ኣስፊሕና ጉቡኡን ኣገባቡን ክንፈልጥን ፣ ብ *ንዓመታ* የርክበሉ እናበልና ፣ ውሕስነት ዘይሓዝናሉ ዕድሜን ጥዕናን ገንዘብን ኣሚንና ምዝንጋዕና ኣቃሪጽና ሐቀኛ ትምኒትን ህርፋንን ንቤቱላህ ክሓድረና ረቢ ክንልምን ኣጥቢቐ ነብሰይን ኣሕዋተይ ከዘክክር ጉቡእ ዝረኽቦ ።

ረቢ እዩ ዝውፍቕ ይወፍቐና ።

መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።
ኣድራሻ:
**Gis e.V.**
**P.O.Box 101344**
**42103 Wuppertal**
**Germany**

መርከዝ ቢላል:
Montanus Str.76
51065 Köln
**Bank:**
Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:
( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መኣረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዝውክል።

ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# (ኒሳኡል ኻሊዳት) *ስትና ሳራን ስትና ሃጀር ዓ/ሰ*

***ኣቕራቢት:ሓፍትኹም:ፎዚያ ሓሰን ኣማን***

*ኣብ ሕታም ኣልዳዕዋ ቁ:43 ብዛዕባ **ስትና ሳራን ስትና ሃጀርን** ዓ/ሰ ዝምልከት ዛንታ:ንሰይድና ኢብራሂም ዘገርም ፈተነ ካብ ረቢ ከምዝመጾን: **""ንሰበይቲኻ ሃጀር ምስ ወዳ ኢስማዒል ሒዝካዮም ኪድ ዝብል""** ትእዛዝ ናይ ረቢ ከምዝተቐበለን ርኢና ኔርና::እሞ ነዛ ዛንታ ቀጺልካ ንኸተንብባ ንዕድመካ::*

ሰይድና ኢብራሂም ዓ/ሰ ሒዝዎም ንነዊሕ መንገዲ ተጓዕዘ ክሳብ ናብ ማካ ዝበጽሑ :: ኣብቲ ጊዜ'ቲ ማካ ምድረ በዳ በረኻ ሰብ ዝበሃል ዘይነብሮ ቦታ ነበረ :: ኣብዚ በረኻ'ዚ ገዲፎዎም ድማ ተመለሰ::
ስትና ሃጀር ተገሪማ ደድሕርኡ እንዳ ሰዓበት ***ኦ ኢብራሂም*** ኣብዚ ክትገድፈና ማይ ሰብ ዝብላዕ ዘይብሉ ቦታ ከመይ ኢልና ክንነብር ክንመውት ኢና በለቶ ::
ሰይድና ኢብራሂም ዓ/ሰ ከይመለሰ መንገዱ ቀጸለ ኣስተስሊሙ ኣብ ትእዛዝ ናይ ረቢ ድሕሪ ክንደይ ዝረኸቦ ውላድ ኣብ ጸምጸም በረኻ ገድፊዎ ከደ :: እዚ ኣብ ዘመና እሞ ነወዳድሮ ትእዛዝ ናይ ረቢ ጥሒስና ክንደይ ነገራት ንገብር ዘሎና ::
ስትና ሃጀር ደድሕርኡ እንዳ ሰዓበት ደጋጊማ ***ኦ ኢብራሂም*** በል እኳ ኣብ ከተማ ሰብ ዘለዎ ውሰደና ሕጂውን ግልጽ ከይበለ መንገዱ ቀጸለ::
መሊሳ እውን ***ኦ ኢብራሀም*** ኣላህ ዓዘወጀል ዲዩ ኣዚዙካ ? በለቶ::
ሰይድና ኢብራሂም ዓ/ሰ « ***እወ*** » ምስ በላ: እምበኣር ትእዛዝ ናይ ረቢ እንተኾይኑ ረቢ ደርቢዩ ኣይድርቢየናን እዩ: ኢላ ኣብ ረባ ተወኪላ ተመልሰት::

ስትና ሃጀር ምስኣ ሒዛቶ ዝነበረት ማይ መግቢ ተወዲኡ ክሳብ ጸባ ጡባ ዝነቅጽ ኮነ:: ወዳ ብጥምየት ብጽምኣት ምኽኣል ሲኢኑ: ብኺያት ጥራይ ኮነ: ከብዲ ወላዲት ድማ ትገብሮ ጨኒቅዋ ገለ ነገር እንተረኸበት ናብ ሰፍዋ ተሰቒላ: ንየማን ንጸጋም ተማዕዱ ነበረት: ግን ሓንቲ ከይረኸበት ድማ ወረደት:: መሊሳ እውን ኣብ ጥቃኣ ዝርከብ ቦታ ናብ መርዋ እንዳ ጎየየት ከይዳ ኣብኡ ድማ ተማዕዱ ነበረት: ሕጂ'ውን ሓንቲ ኣይረኸበትን : ኣርሒቓ ከይትኸይድ ድማ ኣይኸኣለትን: ንወዳ ፈሪሃ ካብ ሰፋ ንመርዋ እንዳ ጎየየት ትመላለስ ነበረት:: ብኸምዚ ድማ ንሸውዓተ ጊዜ ተመላለሰት::

ኣላሁ ዓ/ወ ኣብ ሰፋን መርዋን 7 ጊዜ ምምልላስ ንዘለልኣለም ዝዘክር ገይርዎ :
ክብረት ንዲና ሓጅ ዓንዲ እስልምና ገይሩልና ::
ክብረት ነዛ ጓል ኣንስተይቲ እዚኣ ድማ ሰፋ ወመርዋ ክፋል ናይ ሓጂ ገይርዎ:: ኣብ ሰፋ ወመርዋ እንድሕር ዘይጎየኻ : ዘብዘብ : ኢልካ ዘይከድካ ሓጂኻ ሙሉእ ኣይከውንን እዩ :: እዚ ኸኣ ስትና ሃጀር በቲ ዝገበረቶ ኢማንን ተወኩልን ተመሪሕና ንዘልኣለም ከምቲ ዝገበረቶ ጉያ ዘብዘብ ክንዝክሮን ክንፍጽሞ ንነብር ኣሎና::

እስከ ሓቡሩኒ ኣየናይ ዲን ኣሎ ጓል ኣንስተይቲ ዝገበረቶ ንጥፈታት ንዘልኣለም ክዝከረን ክፍጸምን ዝነብር ብጀካ ዲኒል ኢስላም ::

መሰል ጓል ኣንስተይቲ ንሕሉ ኢና ዝብሉ ከም ንርእዩ ክብረት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ መጋዚናት; ረክላማት ; ዕርቃና ; ( ጥራሓ ) ስኢሎም ምዝርጋሕ ኮይኑ ይስመዖም : እዚ ግን ኣይኮነን መሰል ምሕላው:: እስልምና ግን ከምዚታት ዓይነት ፈሳዳት ኣይቅበሎን እዩ ::
ብድሕርኡ ሰይድና ጂብርል ካብ ሰማይ ወሪዱ ካብተን 600 መንገፍገፉ ብሓንቲ መንገፍገፉ ንመሬት ፋሓሮ ካብኡ ማይ ፈልፈለ ስትና ሃጀር ንወዳ ኣስተየቶ: ንከይውድኣ ድማ ዘም _ዘም _ ዘም ኢላ ኣከበቶ ::
ኣረሱል ሰ/ዓ/ወ ይብል ኡሙ ኢስማዒል ገዲፋቶ እንተትኸውን ነይራ ወሓዝ ማይ ምኾነ ነይሩ ግን ከብዲ ወላዲት ንኸይውድኣ ዘም- ዘም- ዘም- ኢላ ኣከበቶ:: በዚ ኸኣ ማይ ዘምዘም ተባሂሉ ተሰምዩ::

ኣብ የመን ካብ ዝርከቡ ዓሌት ጁርሁም ዝትባህሉ ሰበኽ ሳግም ድስተ ማይ ደልዩም ንየው ነጀው ይብሉ ነበሩ:: ኣማዕድዮም ኣዕዋፍ ክዝንብያ ምስ ረኣዩ ኣብቲ ቦታ ማይ ኣሎ ኢሎም ሓሰቡ: ኣብ ማካ ደኣ ካብ መዓስ እዩ ማይ ዝተረኽበ ኢሎም ንኸረጋግጹ ድማ ከዱ::

ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሑ ማይ ረኺቡ ኣብኡ ድማ ስትና ሃጀር ዓ/ሰ ምስ ወዳ ረኣይውም:: እቶም ቀንዲ ዓረብ ሰብኣዊነት ነበሮም ይብሉ ተፈቅዱልና ዶ? ካብዚ ማይ ክንሰትን ክንወስድ እሞ ክፈሊት ክንህበኪ በልዋ እሳ ድማ ሕራይ በለቶም ብኸምዚ ድማ ረቢ ርዝቆም ከፈተሎም::

ናብ ስትና ሳራ ንመለስ ስትና ሳራ ምስ ሰይድና ኢብራሂም ትነብር ነበረት:: እሳ እውን ውላድ ንክትረክብ ተመነየት: እንተኾነ ግን ብዕድመ ደፊኣ ነበረት ኣብቲ ጊዜ እቲ ዕድሚኣ 99 ዓመት ነበረ ሰይድና ኢብራሂም ድማ 120 ዓመት ነበሮ ውላድ ንኽረክብ ተመንዩ ካብ ወዱ ኣስማዒል ድማ ተሓሪሙ:: ሰናይ ተግባር ንኽገብር ድማ ወሰነ ሓንቲ ገዛ ንጋሻ መቀበሊ ገበረ ብዘይ ጋሻ ኣይበልዕን ኣይሰትን ነበረ::
በዚ ኸኣ ኢብራሀም ኣቦ ጋሻ ተባሂሉ ይጽዋዕ ነበረ ኣብቲ እዋን ን15 መዓልቲ ዝኣክል ኣጋይሽ ከይመጽእዎ:: ጋሻ ንኽረክብ ላዕልን ታሕትን ይብል ነበረ :: ብድሕርኡ ኣጋይሽ መጺእዎ መላኢከታት ንሰብ ዝመስሉ ሰይድና ኢብራሀም ግን ኣይፈለጠሙን::
ኣላሁ ዓ/ው ይብለንና ኣብ ቁርኣነል ከሪም ኣብ ሱረቱ ሁድ:

وَلَقَدْ جَاءَتْ رُسُلُنَا إِبْرَاهِيمَ بِالْبُشْرَى

***( ወለቀድ ጃኣት ሩሱሉና ኢብራሂማ ቢልቡሽራ )***

***ሓፈሻዊ ትርጉም***
***መላኢካታት መጺኦም ንሰይድና ኢብራሀም ዓ/ሰ ነኽበሽርዎ::***

قَالُواْ سَلاَمًا قَالَ سَلاَمٌ فَمَا لَبِثَ أَن جَاء بِعِجْلٍ حَنِيذٍ

*( ቃሉ ሰላማን ቃላ ሰላሙን ፈማ ለቢሳ ኣንጃኣ ብዕጂሊን ሓኒዝ )*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ጽቡቅ ሰላምታ ተለዋዊጦም:ብድሕሪኡ ከይደንጎየ ድማ ጥብሲ ስጋ ምራኽ ኣቕረበሎም

فَلَمَّا رَأَى أَيْدِيَهُمْ لاَ تَصِلُ إِلَيْهِ نَكِرَهُمْ

( *ፈለማ ረኣ ኣይዲየሁም ላተሲሉ ኢለይሂ ነኪረሁም* )

ሓፈሻዊ ትርጉም

እንተረኣዮም ኣእዳዎም ንኽበልዑ ወስ ኣይበሉን

وَأَوْجَسَ مِنْهُمْ خِيفَةً

*( ወኣውጀሳ ሚንሁም ኺፋ )*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ብውሽጡ ፍርሂ ተሰምዖ ኣብ ናይ ዓረብ ባህሊ ብጽቡቅ ነገር እንተመጺኡ ይበልዕ

ንኽፋእ እንተመጺኡ ድማ ኣይበልዕን እዩ

قَالُواْ لاَ تَخَفْ إِنَّا أُرْسِلْنَا إِلَى قَوْمِ لُوطٍ

*( ቃሉ ላተኸፍ ኢና ኡርሲልና ኢላ ቀውሚ ሉጥ )*

ሓፈሻዊ ትርጉም

መላኢካታት በልዎ ኣይትፍራህ ንሕና መላኢካ ረቢ ኢና ኣይንበልዕን:

ተላኢኽና ኢና መጺእና ንህዝቢ ሉጥ ንኸነጥፈኦ

وَامْرَأَتُهُ قَآئِمَةٌ فَضَحِكَتْ

*ወምራኣቱሁ ቓኢማ ፈደሒከት*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ሰበይቱ ብድሕር መጋርጃ ኮይና ትሰምዕ ነበረት እሞ ንምጥፋእ ህዝቢ ሉጥ ምስ ሰመዐት ሰሓቀት እዚ ኸኣ ህዚቢ ሉጥ በቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ፈሳድ ( ብልሽውና) ትምነዪ ዝነበረት ብሽራት ስለ ዝነበረ እዩ::

فَبَشَّرْنَاهَا بِإِسْحَقَ وَمِن وَرَاء إِسْحَقَ يَعْقُوبَ

*(ፈበሽርናሃ ብኢስሓቅ ወሚን ወራኢ ኢስሓቅ ያዕቁብ )*

ሓፈሻዊ ትርጉም

መላኢካታት ኣበሲሮማ ኢስሓቅ ዝበሃል ቆልዓ ክትወልዲ እኺ ኢስሓቅ ድማ ያዕቆም ክወልድ እዩ ኢሎም ሰለስተ ብሽራት ኣበሲሮማ:-

1-ውላድ ከም ትውልድ

2- ወዲ ወዳ ክትርኢ ሙኳና

3- ከምእውን ነዝኹሉ ንክትርኢ ንነዊሕ ጊዜ ክትጸንሕ ሙኳና ነበረ

قَالَتْ يَا وَيْلَتَى أَأَلِدُ وَأَنَاْ عَجُوزٌ

*( ቃለት ያ ወይላታ ኣኣሊድ ወኣና ዓጁዝ )*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ስትና ሳራ ብምግራም **እዋይ ኣነ !!!** ኣረጊት ሰበይቲ ከመይ ጌረ ይወልድ:

وَهَذَا بَعْلِي شَيْخًا إِنَّ هَذَا لَشَيْءٌ عَجِيبٌ

((*ወሃዛ ባዕሊ ሸይኸን ኢነሃዛ ለሸይኡን ዓጂይብ*))

ሓፈሻዊ ትርጉም

እዚ ሰብኣየ ድማ ብዕድመ ዝደፈአ ኣረጊት ሰብኣይ ከመይ ጌሩ ውላድ ይህበና?

እዚ ዘገርም ነገር እዩ በለት

قَالُواْ أَتَعْجَبِينَ مِنْ أَمْرِ اللّهِ

*ቃሉ ኣተዕጀቢን ሚን ኣምሪል'ላህ*

ሓፈሻዊ ትርጉም

መላኢካታት በልዋ ብክእለት ናይ ረቢ ትግረሚ ኣለኺ:-

رَحْمَتُ اللّهِ وَبَرَكَاتُهُ عَلَيْكُمْ أَهْلَ الْبَيْتِ إِنَّهُ حَمِيدٌ مَّجِيدٌ

*ራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ ዓለይኩም ኣህለል በይቲ ኢነሁ ሓሚዱል መጂይድ*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ርህራህን ርዝቅን ናይ ረቢ ዝወረዶም(ዝዓሰሎ) ስድራቤት ናይ ኢብራሂም እሱ ኸኣ ሙስጉን ንኡዱን ክቡር ዝኾነ ጎይታ እዩ::

ሰይድና ኢብራሂም ካብቶም ኡሊል ዓዝም ተባሂሎም ዝጽውዑ ሩሱላት ሓደ እዩ::

እዚ ታሪኽ'ዚ ኸኣ ንስተና ሳራን ንስትና ሃጂርን ዘበራትዕ ክኸውን እንኮሎ ንዓና ድማ ኣብነትና እዩ እሞ ናታተን ኣብነት ሳዓብቲ ይግበረና::

<u>ሓዲስ ቁ:1263 ካብ መጽሓፍ ብሉቕ ኣልመራም)</u>

*ኣቡ ሁረይራህ ረዲየላሁ ዓንሁ :ልኡኽ ናይ ኣላህ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ በሉ:ይብል:*

" ኣብዛ ዓለም ሓንቲ ጸበባ ናይ ሙስሊም ዘርሃወ ሰብ ;ኣላህ ኣብ የውመልቂያማ(ምጽኣተ ዓለም) ሓንቲ ጸበባ የርህወሉ::ንዝተሸገረ ሰብ ሽግሩ ዘቃለለሉ ኻኣ:ኣላህ ሽግሩ ኣብዛ ዓለምን ኣብ ኣልኣኼራን( ምጽኣተ ዓለም) የቃልለሉ::ንሙስሊም ጌጋኡ ዝሸፍነሉ ሰብ ኻኣ: ኣላህ ኣብዛ ዓለምን ኣብ ኣልኣኼራን ጌጋኡ ይሸፍነሉ::ኣላህ ካኣ ነቲ ንሓዉ ዝሕግዝ ዘሎ ባርያኡ ይሕግዝ እዩ:."

ብ.ሙስሊም ዝተዘንተወ

# ሓፈሻዊ ትርጉም ሱረት ኣልሙልክ ካብ ኣያ (16) ክሳብ ኣያ (19)

{ أَأَمنتُمْ مَّن فِي ٱلسَّمَآءِ أَن يَخْسِفَ بِكُمُ ٱلأَرْضَ فَإِذَا هِيَ تَمُورُ } * { أَمْ أَمِنتُمْ مِّن فِي ٱلسَّمَآءِ أَن
يُرْسِلَ عَلَيْكُمْ حَاصِباً فَسَتَعْلَمُونَ كَيْفَ نَذِيرِ } * { وَلَقَدْ كَذَّبَ ٱلَّذِينَ مِن قَبْلِهِمْ فَكَيْفَ كَانَ نكِيرِ } * {
أَوَلَمْ يَرَوْا إِلَى ٱلطَّيْرِ فَوْقَهُمْ صَافَّاتٍ وَيَقْبِضْنَ مَا يُمْسِكُهُنَّ إِلاَّ ٱلرَّحْمَـٰنُ إِنَّهُ بِكُلِّ شَيْءٍ بَصِيرٌ }

***<u>ትርጉም ቃላት</u>***

ኣን የኽሲፋ ቢኩም ኣላኣርዳ: ኣብ ከርሲ መሬት ከምተንቆልቁሉን ከምእትዋሓጡን ይገብረኩም
ፈኢዛ ሂያ ተሙር: ትንቀሳቐስን ክሳብ ኣብ ከርሳ ትውሕጠኩም
ኣን ዩርሲል ዓለይኩም ሓሲበን: ብርቱዕ ዝኾነ ንፋስ ይሰደልኩም
ከይፋ ነዚር: ሳዕቤን መጠንቀ`ቕታይ ከመይ ኔሩ:
ሳፋት:ግልግለአን ዘርጊሐን
ወየ`ቕቢድና:ንግልግለአን ይሕዛ
ማዩምሲኩሁና ኢላርሕማን: ን`ኽይይወድቃ ብዘይካ ኣላህ መን ኮን እዩ ዝሕዘን( ዝሕግዘን)

**<u>ሓፈሻዊ ትርጉም ኣያት</u>**
እቲ ልዑል ጎይታ ኣላህ ነቶም ግልያታቱ: ኣብ ሂወቶም እፎይታን ሓጎስን ክረ`ኽቡ እንተደልዮም ንዕኡ ጥራይ ን`ኽግዝእዎን ን`ኽምል`ኽዎን ይምዕዶም::

{ أأمِنتُمْ مَّن فِي ٱلسَّمَآءِ أن يَخْسِفَ بِكُمُ ٱلأَرْضَ فإِذا هِيَ تَمُورُ }

እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ጎይታ`ኹም ልዑል ዝኾነ ኣላህ ብሰንኪ በደላትኩም ምድሪ ኣንቀሳቒሱን ኣንቀጥቂጡን ኣብ ዉሽጣ ከምዘየጥሕለኩም ተኣማሚንኩም ዲ`ኹም::እቲ መልሲ `ኻኣ ኣይፋልን ኣይተኣማመኑን እዩ::እሞ ከምኡ ካብ ኮነ ስለምንታይ እዩ እዚ ኩሉ ኣብ ክሕደት ምጽናዕን ብዛዕባ ረሱል ዘይብሁል ምዝራብን ከም ሓሳዊ ጌሮም ዝርእይዎ::

{ أمْ أمِنتُم مِّن فِي ٱلسَّمَآءِ أن يُرْسِلَ عَلَيْكُمْ حَاصِباً فسَتَعْلَمُونَ كَيْفَ نَذِيرِ }

እቲ ልዑል ጎይታ ኣላህ ኣብ ሰማይ ዘሎ ካብ ሰማይ ጸጸርን ኣእማንን ዝሓዘለ ንፋስ ከምዘይሰደልኩም ተኣማሚንኩም ዲ`ኹም:እዚ ስቓይ ምስ ወረደኩም ኢ`ኹም መጠንቀ`ቕታ ጎይታ`ኹም ከመይ ከምዝ`ኾነ እትፈልጡ::እወ ብሰንኪ ክሕዳንኩምን ምሕሳውኩምን ከምሳዕቤኑ `ኻኣ እቲ መ`ቕጻዕቲ ክወርደኩም ከምዝ`ኽእል ክትፈልጡ ይግባእ::እሞ ንኣእምሮ`ኹም ኣስሪሕኩም ታሪ`ኽ ናይቶም ቅድሜ`ኹም **ዝነበሩ ኣህዛብ ኣጽንዑ**::

{ وَلَقدْ كَذَّبَ ٱلَّذِينَ مِن قبْلِهِمْ فكَيْفَ كَانَ نكِيرِ }

**ብርግጽ ካኣ እቶም ቅድሜኦም ዝነበሩ ከሓድቲ'ዉን** ብመልእ`ኽቲ ኣላህ ኣይኣመኑን::ከም ኣህዛብ ዓድ:ሰሙድ ዝባሃሉ::ነዞም ሰባት እዚኣቶም ብሰንኪ እከይ ስራሓቶምን ክሕዳኖምን ዘይምእማኖምን ብርቱዕ ስቓይን ግሰጻን ኣላህ ኣውሪድሎም እዩ::

{ أوَلَمْ يَرَوْا إِلَى ٱلطَّيْرِ فوْقهُمْ صَافَّاتٍ وَيَقْبِضْنَ مَا يُمْسِكُهُنَّ إلاَّ ٱلرَّحْمَـٰنُ إِنَّهُ بِكُلِّ شَيْءٍ بَصِيرٌ }

እዞም ካሓድቲ ነዘን ኣብ ልዕሊኦም ግልግሊአን እናዘርጋሓን እናኣከባን ዝበራ ኣዕዋፍ ብጀካ እቲ ፍጹም ርህሩህ ጎይታ ንኸይወድቃ ዝሕዘን ከምዘየለ ኣይዕዘቡን ድዩም:ብርግጽ ኣላህ ንዝኾነ ዝርኢን ዝዕዘብን ጎይታ እዩ::ጉዳይ ናይ ካሕዳናት ኣዝዩ እዩ ዘገርም:ኣብ ርህራሄ ናይ ኣላህ እናነበሩ እንከለዎ:: ወላ'ውን ኣዕዋፍ ከይተረፋ ብሓገዝ ናይ ረቢ ክበራ እናራኣዩ:ከመይ ጌሮም እዩም ድሕሪዚኩሉ ዘይኣምኑ::ኣላህ እውን ንኹሉ ይሪኢንን ይዕዘብን ይቆጻጸርን ከምዘሎ ክስሓት ኣይግባእን::

***<u>ካብዘን ኣያት እንማሃሮ ትምህርቲ ካኣ:</u>***

ነቶም ብኣላህ ዝኻሓዱ( ዘይኣመኑ)ምጥንቃቕ::እንተዳኣ ናይ ክሕዳን መንገዶም ቀጺሎም ሳዕቤናቱ ክፈልጡ ይግባእ::እቲ ልዑል ጎይታ መሬት ኣንቀጥቂጡ ብንፉስ ኣእማን ሰዲዱ ክሃልኩ ከምዝገብሮም ክስሕቱ የብሎምን::እቲ ክከላኸለሎም ዝኽእል ብዘይካ ብኣላህ ምእማኖምን ምስልምና ምቕባሎም ካልእ ክጠቕሞም ከምዘይክኣል ምፍላጥ የድሊ::

ኣእምሮን ልቢን ንዘለዎ ሰብ ካኣ ናይቶም ቅድሚኻ ዝነበሩ ታሪኽ ካብቲ ኣህዛብ ምስትንታን እኹል ትምህርቲ እዩ::

ካብቲ ንኣእምሮ ንኽስተንትንን ናብ እምነት ዘምርሕ ነገር ካኣ እቲ ናይ ኣዕዋፍ ኣብ ሰማይ ናይ ምብራር ኩነታት እዩ::እዚ ኻኣ ነቲ ናይ ኣላህ ክእለትን እሞ ንኽበራ ዘብቀዐን:ርህራሄን ናይ ኣላህ እዩ ዝሕብር::

# ሙሓጀባ

ሙሓጀባ ጽፍፍቲ ጓል ሄዋን ፤
አሸንካይዶ ሎሚ ምስ ከፍኤ እዋን ,,
ምኽዳን ተነዊሩ ምስ ገነነ ዕርቃን ፤
ሓያእ ተሰዊሩ ምስ ነገሰ ዕብዳን ፤

አሸንካይዶ ሎሚ እከይ ምስ ተነዝሐ ፥
ዕዳጋ ወሪዱ ናብዝን ናብትን ዘቃየሐ ፤
ዘይናቱ ዝጥምት ዘይሓፍር ምስ በዝሐ ፥

ቀደም ኳ ብጊዜ ሰሓቢያት ፤
አዴታት_አመንቲ እተን ጽፉፋት
ሓያእን ሒሽማን ሽሉማት ፤
ቃሕ ኢለን ዘይሪአ እ ሩ ማ ት ፤
ተሓጀባ ክብል አውሪዱዎ አያት፤

ተሓጀባ ክብል ቁርአን በዩንዎ ,,
ብገዛ ነቢዩና ሰ.ዓ.ወ. ጀሚሩዎ ፤

ብገዛ ነቢዩና በተን ብሉጻት ኩለን ፤
ነንስትኻን ንደቅኻን በለን ፤
ከምኡ ውን ነንስቲ ሙእሚኒን ኩለን ፤
( ንስኺ ድማ ኢኺ ሓንቲ ካብኤን
አውርድ የብለአ እቲ ጉልባበን ፤

ብርእሰን አቢሉ ብአፍልበን ፤
ከምኡ ይሕሸን ከምኡ ይበልጸን፤
ብ ኡ ይ ፈ ለ ጣ ንዝሪኤን ፤
ክብረት ክረኽባሉ ክሕፈራ ኩለን ።

ረአዪ በሊ መሰረት ክብረትኪ ፤
ጽቡቕኪ ዝፈቱ እቲ ዝኸለቐኪ ፤
ጎይታ ሰማይን መሬትን ቀዪሱልኪ፤
ምስ ተፈጥሮኺ ዝቃዶ መሪጹልኪ
ሓቂ እንዲዩ ግርማ ሂቡ ከጸብቐልኪ፤
ሹመት ጎይታ መዓርግ ኮይኑኪ ፤

ሙሐጀባ ሙሐጀባ ራእሲማላ አደባ ፥
አርእስቱ ብዛዕባኺ ናይ ሎሚ ዘረባ ፥
ናይ ሐው ደሃይ ናይ ሙስሊም ለዘባ ፥

ክትከብሪ ክትጸፊ አይትጸድፊ አይተጽድፊ፥
ውሽጥኺ ወርቂ ዳምኪ ወርቂ ፥
እንተለኺ ተድምቂ እንተዘየለኺ ትናፈቒ

*<u>ካብ ,, ሙሐጀባ,, ዘርእስታ ሰ.ደ.ብ-ሐው ሙሐመድ ኢ.ማም ዝተሓትመት</u>*

# *ኣቡበክር ኣልሱዲቅ*

*ኣቕራቢት:ሓፍትኹም ሰሚራ ኑርሒሰን*

ንሱ ዓብዱላህ ቢን ዑስማን ዝጽዋዕ ቢኣቢ (ቀሓፍ) ቢን ዓምር ካብ ቁሬሽ ኣብ መበል 6 ወለዶ ምስ ረሱል ይዛመድ ።
ካብ ቁሬሽ ተይሚያ እዩ።ረሱል ዓ.ስ.ወ ለቀብ (ሳጓ) ሂብዎ ዓቲቅ ዝብል። ረሱል ዓ.ሰ.ወ.ንስኻ ካብ ሐዊ ነጻ ኢኻ ኢልዎ።ንሱ ድሕሪ 2 ዓመትን ቁሩብ ኣዋርሕን ድሕሪ ረሱል ተወሊዱ።ኣቡበክር ቀጢን ጽምእ ዝበለ ጻዕዳ ሕብሩ ነበረ። ኣቡኡ ኣብ ጊዜ ፈትሕ ኣስሊሙ ኣዲኡ ግን ኣቀዲማ ኣስሊማ ። ኣቡበክር 4 ኣንስቲ ነይረናኦ።ከምኡውን ኣቆልዑት 3 ኣወዳት 3 ኣዋልድ ነይሮሞ።ሕጂ ውን ረሱል ዓ.ሰ.ወ.ኣልስዲቅ ዝብል መጸውዒ ሃቦ።ንሱ ድማ ብናይ ኢስራእ ወኣልሚዕራጅ ንረሱል ሓሳዊ ኢሎሞ ሙሽሪኪን ገለ ካብ እቶም ኣስላም ውን ተጠራጢሮም ገሊኦም ውን ኪሒዶም(እርተዱ)።እቲ ሐደ ዝኣመኖ ካብ ኣስበኡት ኣቡበክር እዩ። ኣቡበክር ቅድሚ ምስልምና ምቕባሉ መስተ ኣይሰተየ ወላ ንጣኦት ኣይኣመነን።ሐደ ጊዜ ሐቲቶሞ ንምንታይ ዘይትሰትይ በልዎ *"ንሱ ከአ ኣስትሩ ዕርዲ ወኣሕፈዙ ምሩእቲ"* በሎም።

ሐደ ጊዜ ኣቦይ ናብቶም ኣስናም ወሲዱኒ ኣብኡ ገዲፉኒ ከይዱ ኣብ ቁሬሽ ደቆም ብናኣሽቶኦም እምነት ክኣምኑ ናብ እቶም ጣኦት ይወስድዎም ነበሩ።"ኣቦይ'ውን ኣብኡ ገዲፉኒ ከደ ኣብቲ ጊዜቲ ጎቢዘ ነይረ። ነቶም ጣኦት: ጠምየ ኣለኹ ኣብልዑኒ ዓሪቀ ኣለኹ ክደኑኒ ብዙሕ ሕቶታት ይሓቶም ከምዘይምልሱለይ ይፈልጥ እየ: ዓቢ እምኒ ኣምጺ ኤ ሐማሺሸዮም ከይደ"። በለ ኣቡበክር::

ኣቡበክር እቲ ሐቀኛ ዲን ይደሊ ነይሩ።ዘይድ ቢን ዓምር ቢን ነውፈል ዝባሃል ቅድሚ ቢዕሳ( እስልምና ቅድሚ ምምጻኡ) ናይ ረሱል ኣብ ተውሒድ ዝኣምን ነበረ።ኣቡበክር ድማ ነዚን ን ኡመያ ቢን ሰምት ይሰምዖም ነይሩ።ሐቀኛ ዲን ንክደሊ ይገይሽ ነበረ ።

ሐደ ግዜ ኣቡበክር ሩእያ ይርእይ: ኣብቲ ዝገሾ ንቡሔራ ኣልራሁብ ረኺብዎ: ቡሔይራ ትፈልጥዎ ኢኹም ን ኣቡጣልብ ብዛዕባ ረሱል ዝነገሮ። ኣቡበክር እቲ ሩእያ ኩሉ ነጊርዎ ቡሔይራ ከኣ ካበይ ኢኻ: ካበይ መጺኻ ኢሉ ብዙሕ ሕቶ ኣቕሪብሉ:: ንሱ ውን ካብ መካ ካብ ቁሬሽ ነጋዳይ ምዃኑ ሐበሮ:: እንተ ሐቂ ኮይኑ ሩእያኻ ነቢ ክዝሀር እዩ ካብ ህዝብኩም ኢልዎ ቡሔራ ። ንስኻ ኣብ ሐያቱ ወዚር ናቱ ክትከውን ኢኻ:: ብድሕሪኡ ከአ ኸሊፋ ናቱ ኢኻ በሎ።ኣቡበክር ንሐደ ኣይነገረን እዚ ራህብ ዝበሎ ብጀካ ድሕሪ ኸሊፋ ምስኮነ።እስልምና ናይ ኣቡበክር ዳዕዋ ናይ ረሱል ዓ.ሰ.ወ.ምስ ሰምዔ ከይተጠራጠረ ብምሉእ ልቡ

ኣሚኑ ናብ ረሱል ሰ.ዓ.ወ.መጺኡ ረሱል ውን ብታሕጓስ ተቀቢልዎ ይብሉ ንረሱል ከምዚ ተሐግዊሱ ሪኢናዮ ኣይንፈልጥን።ኣቡበክር ንረሱል ዓ.ሰ.ወ.ዓርኩ ቅድሚ እስልምና ኣብ እስልምና ውን ዓርኩ ። ካብ እዛ ሰዓት እዚኣ ከይዱ ንዙቤር ኢብን ዓዋም ዳዕዋ ይገብረሉ ንሱ ዉን ተቐቢልዎ ሒዝዎ ናብ ረሱል ከደ ብድሕሪኡውን ንዑስማን ኢብን ዓፋን,ንጠልሐ ቢን ዑበይዱላህ,ንሳዓድ ቢን ኣቢ ወቃስ,ንዑስማን ቢን ኣቢ መዝዑም,ኣቢ ዑበይዳ ቢን ጀራሕ,ዓብዱራሕማን ቢን ያውፍ ንዞም ዝተጠቀሱን ካልኦት ውን ኣብ ኢዱ ኣመስሊሞም:: ናይዞም ኩሎም ኣብሚዛን ኣቡበክር እሞ ካአ ኩሎም ሙብሽሪን ቢልጀና።ኣቡበክር ንረሱል ተሐጋጋዚ ብገንዘቡ,ዓርኩ ቅድምን ድሕርን እስልምና ካላአዩ ናብ ሂጅራን ኣብ በዓትን(ቃር) ኣብ ኩሉ ቀዘዋትውን ምስኡ ክሳብ ዝመውት መማኸርቱ።ንረሱል ኢልዎ ፍቀደለይ ክኾጥብ: ናብ ምስልምና ንምጽዋዕ መደረ ክገብር: ረሱል ውን ኣፍቒዱሉ: ምስኾጠበ ቁሬሽ ተኣኪቦም ሃሪሞ:: ክሳብ ኩሉ ነብሱ ደም ንደም ዝኸውን ዳሕራይ እቶም ቀቢልኡ መጺኦም ኣገላጊሎሞ። ቁሬሽ ሞይቱ ኢሎም ገዲፎሞ: ተሰኪሞም ናብ ኣዲኡ ኡምልኼር ወሲዶሞ እቶም ቀቢልኡ ይብሉ ኣቡበክር እንተሞይቱ ሕነ ክንፈዲ ኢና።ኣዲኡ ምልእቲ መዓልቲ ኣብ ርእሲኡ ኮይና ክትበኪ ከይተሰኤ ውዒሉ:: ድሕሪ ነዊሕ ዓይኑ ከፊቱ ኣዲኡ ትብሎ ከመይ ኣለኻ ንሱ ከአ ረሱል ከመይ ኣሎ እንታይ ገይሮሞ ንረሱል ንገርኒ ኢላቶ:: ኣንታ ወደይ ብላዕ ንእሽተይ ነብስኻ ሐይሊ ክረክብ በለቶ ኣብዚ ግዜ ዚ ኣየስለመትን እያ ዘላ ::ኣነ እንታይ ፈሊጠ ኪዲ ናብ ኡም ጀሚል ትንገርኪ ።እዛ ኡም ጀሚል ብሕቡእ እያ ኣስሊማ ኣዲኡ መጺኣታ ከመይ ኣሎ ረሱል ይብለኪ ኣሎ ኣቡበክር እንተበለታ ኣይፈልጥን መን ኣቡበክር መን ሙሐመድ ኢላ ኣብያታ ።በሊ ንዕናይ ናብ ወደይ ኢላ ተታሐሒዘን መጺኤን ናብ ኣቡበክር ኢልዋ ያኡም ጀሚል ንገርኒ ብረሱል ኢልዋ ኣዴኻ ኣላ ምሳና ኢላቶ። ግድፍያ ኣደይ ከመይ ኣሎ ረሱል ። ጽቡቅ ኣሎ ኢላ መሊሳትሉ ኣዲኡ ድማ ሕጂ በል ብላዕ እንተበለቶ ወላሂ ዘይበልዕ ንረሱል ከይራኣኹ በለቶ::
ክትመውት ኢኻ ላእ ተስከማኒ ኢሉ ዳሕራይ ተሰኪመን ምስ ኡም ጀሚል ብለይቲ ናብ ረሱል ወሲደናኦ:: ንረሱል ምስረአየ ናብኡ ወዲቁ ይስዕሞ: ንረሱል ኣብ ርእሱ ኣብ ኢዱ እንዳበኸየ ከመይ ኣለኻ ያረሱለላህ: ንስኻ ያኣባበክር ኣነስ ደሐን እየ: ብጀኻ እዞም ፍስቂን ዝገበሩኒ ኣብገጸይ ኩሎም ሰሐባ ንያኦም ሪኦም ይበኽዩ ።ኣቡበክር ይብሎ ንረሱል እዚኣ ኣደይ እያ ዱዓ ግበረላ ያረሱለላህ ንክተመስልም: ረሱል ኢዱ ኣልዒሉ ዱዓ

ክገብረላ ንሳውን ኣሽሃድዋአንላኢላሃ ኢለላህ ወአና ሙሐመደን ረሱለልህ ኢላ ።
አብ ጊዜ ሰይድና ዓሊ ኸሊፋ ከሎ ይሐትት መን ተባዕ ሰብ ነይሩ ንስኻ ያዓሊ ኢሎሞ አይኮንኩን:: አቡበክር ኢዩ ኢሉ መሊሱሎም።ሐደ ግዜ ዑቅባ ዝባሃል ንረሱል ክሃርሞ ሐኒቅዎ ዝኸአሎ ተሳኢኑ ብጀካ አቡበክር እንዳጎየየ መጺኡ ደፊኡዎ እንታይ ገይሩኩም ክትቀትልዎ:: ናተይ ረቢ አላህ ስለ ዝብለ ድዩ።ዓሊ ሕጂ ውን ሐቲቱ መን ኣየናይ እዩ ኼር ካብ ሙእሚን አልፍርዖን ወላ አቡበክር እንዳ በኸየ ኣቡበክር በሎም።አስሓብ አርሱል ክእዘዩ ይርእይ በቲ ቢላል አብ በረኻ መካ በቲ ብርቱዕ ጸሐይ አብ አፍልቡ ዓቢ እምኒ ጸቂጦሞ አሐዱን አሐድ እንዳበለ ኡመያ ኢብን ኸለፍ ክዕዘቦ ምስረአየ እዚ ኸገዝአልካ በሎ።
እንታይ ኢልካዮ እዚ አፍሺሉኒ እዩ ይብሎ ደሐን ክገዝኦ እየ ብክንድይ ኢኻ ትህበኒ ምስበሎ ብክቡር ዋጋ አዘዞ:: ዋግኡ ከፊሉ ድማ ካብ ባርነት ነጻ ኢልዎ ንረቢ ክብል ከምኡ ውን ብዙሐት ይዕዘቡ ኡም ዑበይድ,ዓምር ቢንስህር ንሰይድ ናቱ ክንድይ ትጠልብ ገንዘብ ኢሉ ከፊሉ ንወጅሂ አላህ ነጻ ይብሎም ነበረ።ኩሎም ዱዓፍእ መሳኪን የዕትቆም ነበረ።አቡበክር በኻዪ ነይሩ ክቀርእ ይኹን ክሰግድ ብብኪያት አይስማዕን ነይሩ።ሐደ ግዜ ቁረሽ ኣትዒቦሞ ክስግድ ቅያም አሌል( ኣብ ለይቲ ዝስገድ ሰላት) ክዓብድ ንረቢ አብዮሞ አጻቢቦሙሉ ክሃጅር( ክስደድ) ወሲኑ ንሐበሻ እንዳሃጀረ ከሎሐደ ሰበአይ ይረኽቦ ኢብን ደቂና ዝተባህለ ሐቲትዎ ናበይ ኢኻ ያአባበክር: አነ ክሃጅር ኢልዎ ክትሃጅር ኢሉ ሰንቢዱ ከማኻ ዝመስል ካብ ዓዲ ክወጽእ: ንዓ ኢሉ ንመካ ሒዝዎ ከደ ነዞም ሳዳት ቁረሽ አኪቡ አቡበክር አብትሕቲ ጽላለይ እዩ ሐደ ከይትንክፎ ኢሉ ተዛረበ ኣቡበክር ንተሸገረ ይሕግዝ ተቀባል ጋሻ ንኩሉ ይበጽሕ ዝሞተ ይቀብር ንዝሐመመ ይበጽሕ: በሉ ሐደ ከየሸግሮ ኢሉ። አቡበከር ከምቀደሙ አብ ደገ ወጺኡ ክሰግድ ጀሚሩ ።አቡበክር ክሰግድ ክጅምርን ክበክን ሐንቲ ይኸዉን: ኩሉ ሰብ ይእከብ ቁርአኑ ክሰምዕ ከምኡውን ብኽያቱ ።ቁሬሽ ተአኪቦም ናብ እቲ ኢብን ደቂና ከይዶም ኢሎሞ እዚ ውሕስነት ዝገበርካሉ ረቢሹና አብ ገዝኡ ኮይኑ ክሰግድ አዝዘልና ኢሎሞ።ንሱ ውን ንአቡበክር ተዛረቦ ሕራይ ኢሉ ተቀበሎ:: ንአርባዕተ መዓልቲ ዝኸዉን አብ ገዝኡ ምስስገደ አይካአለን ንሰብ ዳዕዋ ክገብር አለኒ ኢሉ ንክሰግድ ንደገ ወጸ።ቁሬሽ ውን ከምአመሎም ንኢብን ደቂና ከይዶም ነገርዎ ንሱዉን ንአቡበክር ንምንታይ ወጺኻ በሎ አቡበክርዉን ውሕስነትካ ተቀበለኒ በሎ አብ ዉሕስነት መን ደአ አለኻ በሎ አቡበክር ድማ አብ ውሕስነት ረቢ ክብል መለሰ::

ሓበሬታ - ሓበሬታ - ሓበሬታ -

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን

ሰላምን ርህራሄን ናይ ኣላህ ይዕሰልኩም እናበልና ብ ማ.እ.ም ዝተኻየደ ሙእተመር ፉልዳ 2007 ንዝተፈላለየ ንጥፈታት ዘንጸባርቕ ኣብ 2 ሰደ (cd) ተሓቲሙ ወጽዩ ከምዘሎ ክንሕብረኩም ደስ ይብለና::



# ናይ ሳላት ኣገባብ

ኣልሓምዱ ሊላሂ ዋሕደሁ ወሰላቱ ወሰላሙ ዓላ ዓብዲሂ ወረሱሊሂ ሙሓመድ ወኣሊሂ ወሳሕቢሂ:- እምበኣር ንኹሉ ኣስላማይን ኣስላመይቲን ንኣገባብ ኣሰጋግዳ ናይ ነቢይ ሙሓመድ ዝገልጽ ብሕጽር ዝበለ ቃላት ከቅርብ እፈቱ:እዚ ምግባረይ ካኣ ምእንቲ ነዚ ጽሑፍ ዘንበበ ንነብይ ንምኽታል ጻዕሪ ክገብር ኢለ'የ::ምኽንያቱ ነብይ ሙሓመድ ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም (( ከምታ ክሰግዳ ዝራኣኹሙኒ ጌርኩም ስገዱ)) ስለ ዝበሉ:ዝርዝሩ ኻኣ ክቡር ኣንባቢ እነሆ:

***ውዱእ ብጉቡእ ምፍጻም***.-ማለት ከምቲ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ዝኣዘዞ ጌርካ ውዱእ ብዝግባእ ምፍጻም::

((__يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا إِذَا قُمْتُمْ إِلَى الصَّلَاةِ فَاغْسِلُوا وُجُوهَكُمْ وَأَيْدِيَكُمْ إِلَى الْمَرَافِقِ وَامْسَحُوا بِرُءُوسِكُمْ وَأَرْجُلَكُمْ إِلَى الْكَعْبَيْنِ__

)6.((

ከምኡዉን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه و سـلم ከምዚ ይብሉ፡

﴿لا تقبل صلاة بغير طهور ' ولا صدقة من علول .﴾

( ሰላት ብዘይ ጣሃራ ቅብልቲ ኣይኮነትን፡ ከምኡዉን ካብ ናይ ሰለባ ዝተሰረቐ ሰደቃ ቅቡል ኣይኮነን)

__ናብ ቒብላ ገጽካ ምግባር፡-__ ማለት ሓደ ክሰግድ ዝደሊ ሰብ ኣብ ዝሃለወ እንተሃለወ ብሙሉእ ኣካላቱ ናብ ካዕባ ገጹ ክገብር ኣለዎ ፡ ብጃካ ኣብቲ ፍሉጥ ዝኾነ ሓደ ሓደ ጉዳይ ከምቲ ኣብ መጻሕፍቲ ናይ ዑሉማእ ተዘኪሩ ዘሎ እንተዘይኮይኑ ናብ ቂብላ ገጽካ ምግባር ሓደ ካብ ቅድመ ኩነት ናይ ሰላት እዩ።

ናብ ቂብላ ገጹ ብሙኻን ነታ ክሰግዳ ተበጊሱላ ዘሎ ሰላት ፈርዲ ትኹን ሱና ብልቡ ኒያ ይገብር፡ ኒያ ብቃሉ ኣየድምጽን እዩ፡ ብቃልካ ምድማጽ ሸርዓዊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه و سـلم ከምኡዉን ሰሓባ ብቃሎም ኣየድምጹን እዮም ኔሮም።

ኢማም ይኹን ንበይኑ ዝሰግድ፡ ኣብ ቅድሚኡ መጋረዲ ንኽገብር ነብይ ስለ ዝኣዘዙ ሱና እዩ።

ናብቲ ኣብ ግዜ ሱጁድ ግንባሩ ዘንብረሉ እናጠመተ ኸኣ ጉምቦ ኢዱ ክሳብ ሞንከቦ ወይ ጥቃ እዝኑ ሓፍ ኣቢሉ ኣላሁ ኣክበር ብምባል ተክቢረት ኣል ኢሕራም ይገብር ።

ኣብ ቁጽሪ 1 ን 2 ዘሎ ስእሊ ተመልከት



(1)



(2)

ትርጉም:ሳልሕ ስዒድ

የማናይ ጉምቦ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ጸጋማይ ኢዱ ብምግባር ኣብ ደረቱ የንብሮ።

ኣብ ቁጽሪ 3 ን 4 ዘሎ ስኣሊ ተመልከት



(3)



(4)

ናይዚ መርትዖ ኻኣ ካብ ዋኢል ቢን ሓጀር ከምኡዉን ካብ ቁበይሳ ኣጣኢ ካብ ኣቦኡም ዘመሓላለፍዎ እዩ።

እዚ ዝስዕብ መኽፈቲ ክገብር ከኣ ሱና እዩ። ንሱ ኸኣ ﴿اللهم باعد بينى وبين خطاياي كما باعدت بين المشرق والمغرب ,اللهم نقني من خطاياي كما ينقى الثوب الأبيض من الدنس ،اللهم اغسل خطاياي بالماء و الثلج والبرد ﴾

<< ኣላሁማ ባዒድ በይኒ ወበይና ኸጣያያ ከማ ባዓድታ በይነል መሽሪቅ ወልመቅሪብ ኣላሁማ ነቂኒ ሚን ኸጣያይ ከማ ዩነቃ ኣሰዉቡ ኣል ኣብየድ ሚን ኣደነስ፡ ኣላሁማ ኢቕሲልኒ ሚን ኸጣያይ ቢልማኢ ወሰልጂ ወልበረድ >>

ካልአ መኽፈቲዉን እንተደልዩ፣

﴿صبحانك اللهم وبحمدك وتبارك اسمك وتعالي جدك ولاإله غيرك﴾

<< ሱብሓነ -ከላሁማ ወቢ ሓምዲካ ወተባረካ ኢስሙካ ወታዓላ ጀዱካ ወላኢላሃ ቐይሩካ>>

ይብል፡ ምኽንያቱ እዚ መኽፈቲ ነበይ صلى الله عليه و سلم ከምዝበልዎ ተረጋጊጹ እዩ።

ብጃካ እዚ መኽፈቲ በኻልእ ካብ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝተረጋገጸ እንተበለ ጸገም የብሉን። እቲ ዝበለጸ ንነብይ ሙሉእ ምኽታል ንኽኾነልካ ሓንሳብ በዚ ሓንሳብ በቲ እንተበልካ እዩ።

ብድሕሪዚ ኣዑዙቢላህ ሚነሽይጣኒ ረጂም ቢስሚላሂ ራሕማኒ ራሒም ይብል፡ ክምኡዉን ሱረት ኣልፋቲሓ ይቀርእ፡ ምኽንያቱ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ዝስዕብ ስለ ዝበሉ፣

﴿لاصلاة لمن لم يقرأ بفاتحة الكتاب﴾

﴿ መኽፈቲ ናይ ቁርኣን(ኣልሓምዱ) ዘይቀርአ ሰላቱ ቅብልቲ ኣይኮነትን ﴾ ።

ሱረት ኣልፋቲሓ ምስ ወደአ ኣብ ግዜ ዓዉ ኢልካ ዝቅራኣሉ ዓው ኢሉ ኣሚን ይብል ከምኡዉን ኣብ ቀስ ኢልካ ዝቅራኣሉ ቀስ ኢሉ ኣሚን ይብል።

ብድሕሪዚ ካብ ቁርኣን ዝሓፈዞ ይቀርእ፡ እቲ ዝበለጸ ኣብ ዙህሪ፡ ዓስሪ፣ ኣልዒሻ ካብ ማእከላይ ክፍሊ ናይ ቁርኣን ይቀርእ፡ ኣብ ኣሱብሒ ዝነዉሐ፡ ኣብ መቕሪብ ድማ ካብ ሓጸርቲ ሱራታት ይቀርእ፡ ከምኡ'ዉን ሓደ ሓደ ግዜ ከምቲ ኣብ ሓዲስ ካብ ነብይ صلى الله عليه وسل ተረጋጊጹ ዘሎ ኣብ መቕሪብ ካብ ነዋሕቲ ወይ ካብ ማእከላይ ይቀርእ። ከምኡዉን ዓሰሪ ካብ ዙህሪ ዝሓጸረት ክትከዉን ዝሓሸ እዩ።

እዚ ምስ ወደአ ድማ ያእዳዉ ክሳብ ሞንኩቡ ወይ ጥቃ እዝኑ ሓፍ ብምባል << ኣላሁ ኣክበር >> ኢሉ ናብ ሩኩዕ ይደንን፡ ምስ ደነነ ርእሱ ምስ ሑቁኡ ሰጥ ኣቢሉ ማዕረ ማዕረ ብረኩ ፡ ከምኡዉን ኣጻብዕቲ ኢዱ ኣፈናቲቱ ንብርኩ ይሕዝ ።

ኣብ ቁጹሪ 5 ን 6 ዘሎ ስእሊ ተመልከት


(5)


(6)

⇨ ኣብ ሩኩዕ ህድእ ኢሉ፡ <<ሱብሓነ ረቢየል ዓዚም >> ነዛ ቓል ከኣ ሰለስተ ግዜ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንኽደጋግማ ዝበለጸ እዩ፡ ምስኡ'ኸኣ <<ሱብሓነካ ኣላሁማ ረበና ወቢሓምዲካ ኣላሁማ ኣቕፊርሊ >> ክብል ዝተፈትወ እዩ።

ካብ ሩኩዕ ርእሱ ሓፍ ብምባል የእዳዉ ክሳብ መንከቡ ወይ ጥቃ እዝኑ ሓፍ የብሎም።
ኢማም ኮይኑ ወይ ንበይኑ ዝሰግድ ሰብ << ሰሚዐላሁ ሊመን ሓሚዳ >> ይብል ። ደው ምስ በለ ከኣ << ረበና ወለከ ኣልሓምድ >> ይብል፡ምስኡ'ውን ሓምደን ከሲረን ጠይበን ሙባረከን ፊይሂ ሚልኡ ኣሰማዋቲ ወሚልኡ ኣል ኣርዲ ወሚልኡ ማሺእታ ሚን ሸይኢን ባዕድ >> ክውስኽ ዝሓሸ እዩ ። ከምኡውን << ኣህሉ ሰናኢ ወልመጅድ ኣሓቁ ማቃሉልዓብዱ ወኩሉና ለካ ዓብድ፡ ኣላሁማ ላማኒዓ ሊማ ኣዕጠይታ ወላ ሙዕጢ ሊማ መናዕታ ወላ የንፊዑ ዘልጀዱ ሚንካ ኣልጀድ >> እንተወሰኸ ዝበለጸ እዩ ፡ ምኽንያቱ ነብይ
صلى الله عليه و سلم ከምኡ ይብሉ ከምዝንበሩ ኣብ ቁኑዕ ሓዲስ ተረጋጊጹ እዩ።
እንተዳኣ ንኢማም ተኽቲሉ ይሰግድ ኣሎ ግን፡ ካብ ሩኩዕ ሓፍ ክብል ከሎ << ረበና ወለከልሓምድ >> ይብል ብድሕሪኡ እቲ ዝበልናዩ ይቕጽል። ከምኡዉን ኢማም ይኹን ንበይኑ ዝሰግድ ዘሎ ሰብ ካብ ሩኩዕ ምስ ተመልሰ ከምቲ ቅድሚ ሩኩዕ የእዳዉ ኣብ ደረቱ ዝገበሮ ሕጂዉን ከምኡ የእዳዉ ኣብ ደረቱ ይገብሮ፡

እዚ ድማ ነብይ صلى الله عليه و سـلم ከምዝፈጸምዎ ኣብ ናይ ሓዲስ ቢን ሓጀር ከምኡዉን ሳህል ቢን ሰዓድ ተረጋጊጹ እዩ። ኣላሁ ኣክበር ኢሉ ሱጁድ ይገብር፡ እንተኺኢሉ ሱጁድ ክገብር ከሎ ቅድም ብርኩ ድሓር የእዳዉ የዉርድ፡እንተዳኣ ዘሸግሮ ኮይኑ ኢዱ ቅድሚ ብርኩ የቀድሞ::

ኣብ ቁጽሪ 7 ን 8 ዘሎ ስእሊ ተመልከት


(7)


(8)

ኣብ ሱጁድ ከኣ ኣጻብዕቲ ኢዱ ከይፈናተተ ናብ ቂብላ ይገበሮ፡ ከምኡዉን ኣጻብዕቲ እግሩ ናብ ቂብላ ገጹ ብምትካል ብሽዉዓተ ክፍሊ ኣካላቱ ማለት ግንባርን ኣፍንጫን፡ ክልተ ጉምቦ ኢድን ኣብራኽን ብከብዲ ኣጻብዕቲ እግርን ሱጁድ ይገብር።

ኣብ ቁጽሪ 9 ዘሎ ስእሊ ተመልከት


(9)

ኣብ ሱጁድ ከኣ <<*ሱብሓነ ረቢየል ኣዕላ* >> ይብል ነዛ ቓል ከኣ ሰለስተ ግዜ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ይደጋግማ።
ከምኡዉን ኣብ ሱጁድ << **ሱብሓነካ ኣላሁማ ረበና ወቢሓምዲካ ኣላሁማ ኢቕፊርሊ**>>
ንኽብል፡ ዝተፈትወ ቃልዩ። ከምኡዉን ዱዓ የብዝሕ ፡ ምኽነያቱ ነብይ صلى الله عليه وسـلم ከምዚ ሰለ ዝበሉ ፡
<< ሓደ ባርያ ናብ ረቢ ዝቀረበ ዝኽዉን ኣብ ግዜ ሱጁድ እዩ ስለዚ ዱዓ ኣብዝሑ >> ።
ዱዓ ንነፍሱ ከምኡዉን ነሕዋቱ ኣስላም ኣብ ፈርዲ ሰላት ይኹን ሱና ካብ ኼር ናይ ኣዱንያን ናይ ኣኼራን ካብ ረቢ ይልምን ።
ኣብ ግዜ ሱጁድ ቅልጽም ናይ ኢዱ ኣብ ጎኑ ከልግቦም የብሉን ከምኡዉን ሰለፉ ካብ ከብዱ፡ ዳንግኡ ካብ ሰለፉ ክፊዬም ኣለዎ ።
ኣብ ዝሓለፈ ቁጽሪ 9 ዘሎ ስእሊ ተመልከት

*ኣብ መጻኢ ሕታም ኣልዳዕዋ ኢንሻኣላህ እቲ ካላኣይ ክፋል ብዛዕባ ናይ ሰላት ኣገባብ ክነቕርብ ኢና::*
*በዚ ኣጋጣሚ ኻኣ ነዚ ጽሑፍ ኣብ ኮምፒዩተር ዝጻሓፉ ኣሕዋት:ሓውና ሳልሕ ትኩእን ሓውና ዓብደላ ዓብዱሰላም ከነመስግኖም ንፈቱ:: ጀዛኩም ኣላሁ ኺይረን::*

# ***ሰይድና ኑሕ***

ብ:ፎዚያ ሓሰን ኣማን

ኣብ ዝሓለፈ ጹሑፍና ሰይድና ኑሕ ዓ/ ሰ ዳዕዋ ንኽገብረሎም ብዙሕ ጻዕሪ ከምዘካየደ ምስ እዚ ኩሉ ድማ ዝሳዓብዎ ኣዝዩም ውሑዳት ሰባት ከም ዝነበሩ ርኢና:: ናይ ሕጂ ጽሑፍና ድማ ሰይድና ኑሕ በቲ ዝገበሮ ጻዕርን ተወፋይነት ስለ ዘይተሳኸዓሉ ናብ ረቡ ምረቱ ክገልጽ እንኮሎ ክንሪኢ ኢና:

وَإِنِّي كُلَّمَا دَعَوْتُهُمْ لِتَغْفِرَ لَهُمْ ***ወኢኒ ኩለማ ዳዓውትሁም ሊተቕፊራለሁም***
ሓፈሻዊ ትርጉም:-( ሰይድና ኑሕ ይብል:-" ኣንታ ጎይታይ ንኽትምሕሮም ኢለ ዳዕዋ እንተገበርኩሎም:

جَعَلُوا أَصَابِعَهُمْ فِي آذَانِهِمْ
***ጀዓሉ ኣሳቢዓሆም ፊ ኣዛኒሂም***
ሓፈሻዊ ትርጉም :-ሰይድና ኑሕ ይብል ኣጻብዕቶም ኣብ ኣእዛኖም ገይሮም ጻዊዕተይ ንኸይሰምዑ

وَاسْتَغْشَوْا ثِيَابَهُمْ وَأَصَرُّوا وَاسْتَكْبَرُوا اسْتِكْبَاراً

***ወስተቕሸው ሲያበሁም ወኣሰሩ ወስተክበሩ ኢስትክባራ***

ሓፈሻዊ ትርጉም:- ከምኡውን ንኸይሪኡኒ ገጾም ሸፊኑብትዕቢት መንከማና ብምባል ኣንሕና ክንኣምነካ : ንዓኻ ዝክተሉኻ ዘለው ኩሎም ክብረት ዘይብሎም ድኻታት እዮም በሉዎ::

ثُمَّ إِنِّي دَعَوْتُهُمْ جِهَارً

***ሱማ ኢኒ ዳዓውትሁም ጂሃራ***

ሓፈሻዊ ትርጉም :-ኣነ ኻኣ ብጋህዲ ብዘይፊርሒ ጻዊዒት ገረሉም

وَأَسْرَرْتُ لَهُمْ إِسْرَارًا.ثُمَّ إِنِّي أَعْلَنتُ لَهُمْ ***ሱማ ኢኒ ኣዕለንቱለሁም ወኣስረርቱ ለሁም ኢስራራ***
ሓፈሻዊ ትርጉሙ:- ኣነ ብጋህዲን ብሚስጢርን ጻዊዒት ገረሎም

فَقُلْتُ اسْتَغْفِرُوا رَبَّكُمْ إِنَّهُ كَانَ غَفَّارًا ***ፈቁልቱ ኣስተቕፊሩ ረበኩም ኢናሁ ካና ቐፋራ***
ሓፈሻዊ ትርጉም :ከምዚውን በልኩዎም ንረብኹም ቶውባ ( ምሕረት ) ሕተቱ ኣላሁ ዓ/ወ ኡሱ እዩ መሓራይ

يُرْسِلِ السَّمَاء عَلَيْكُم مِّدْرَارً ***ዩርሲሉ ሰማኣ ዓለይኩም ሚድራራ***
ሓፈሻዊ ትርጉም:- ቡርቱዕ ዝኾነ ተኸታታሊ ዝናብ ይወቅዓኩም ( ይሃርመኩም )

وَيُمْدِدْكُمْ بِأَمْوَالٍ وَبَنِينَ ***ወዩምዲዴኩም ቢኣምዋሊ ወበኒይና***
ሓፈሻዊ ትርጉምገንዘብን ውላድ ኣብዚሑ ክህበኩም

وَيَجْعَلْ لَكُمْ جَنَّاتٍ وَيَجْعَلْ لَكُمْ أَنْهَاراً***ወየጄዓል ለኩም ጀናቲን ወየጅዓልለ ለኩም ኣንሃራ***

ሓፈሻዊ ትርጉም :-ጀራዲን ይገብረልኩም ማለት ብፊረታቱ እትዓግብሉ

ወሓዚ ማይ ይገብረልኩም ከምእውን ጃራድንኩም ተስትዪልን ተልምዑልን

مَّا لَكُمْ لَا تَرْجُونَ لِلَّهِ وَقَارًا***ማለኩም ላ ተጁና ሊላህ ወቃራ***
ሓፈሻዊ ትርጉም:- (( እንታይ ኮንኩም ንረቢ እቲ ዝግበኦ ክብረትን ዕብየትን ዘይትህብዎ
ማለት ንምንታይ ሸርክ ትገብርሉ))
وَقَدْ خَلَقَكُمْ أَطْوَاراً ***ወቀድ ኸለቀኩም ኣጥዋራ***
ሓፈሻዊ ትርጉም:-(ኣላሁ ዓ/ወ በብደረጃ ገይሩ ፈጥርኩም : መጀመርታ ሙድቓ ብድሕርኡ ዓለቓ ወ.ዘ.ተ ክሳብ ትወለደሉ ጊዜ:
_ከምእውን ህጻን መንእሰይ ሽማግለ ንዝኩሉ ዘብጻሓኩም መን እዩ?
أَلَمْ تَرَوْا كَيْفَ خَلَقَ اللَّهُ سَبْعَ سَمَاوَاتٍ طِبَاقاً ***ኣላም ተራ ከይፋ ኸለቀላሁ ሰብዓ ሰማዋቲ ጢባቓ***
ሓፈሻዊ ትርጉም: ኣይትሪኡን ዲኹም ፣ ኣላሁ ዓ/ወ ከመይ ገይሩ ሸውዓተ ሰማያት ደራሪቡ ከም ዝፈጠሮ
وَجَعَلَ الْقَمَرَ فِيهِنَّ نُوراً وَجَعَلَ الشَّمْسَ سِرَاجاً ***( ወጀዓለል ቀመራ ፊሂና ኑራን ወጀዓላ ሽምሳ ሲራጃ***

ሓፈሻዊ ትርጉም
ንወርሒ ብለይቲ ብርሃን ክትህብ ንጸሓይ ድማ ብመዓልቲ መብራህቲ ከም እውን ሙቅት ክትህብ ገርዎን
وَاللَّهُ أَنبَتَكُم مِّنَ الْأَرْضِ نَبَاتًا ወላሁ ኣንበተኩም ሚነል ኣርዲ ነባታ
ሓፈሻዊ ትርጉም:-((ኣላሁ ዓ/ወ ካብ መርየት ወይ ሓመድ ፈጡርኩም (መጀመርያ ኣቡና ኣደም)

ثُمَّ يُعِيدُكُمْ فِيهَا وَيُخْرِجُكُمْ إِخْرَاجاً ***ሱማ ዩዒድኩም ፊሃ ወዩኽሪጁኩም ኢኽራጃ***

ሓፈሻዊ ትርጉም :- ጢድሕሪኡ ድማ ምስ ሞትኩም ናብኣ ይመልሰኩም ኣብ የውመል ቂያማ ድማ ካብኣ የተሰኣኩም(የውጸኣኩም)

وَاللَّهُ جَعَلَ لَكُمْ الأَرْضَ بِسَاطاً ወላሁ ጀዓላለኩምል ኣርዳ ቢሳጣ

ሓፈሻዊ ትርጉም:- ኣላሁ ዓ/ወ ንዛ መርየት እዚኣ መንጸፊ ገርልኩም

لِتَسْلُكُوا مِنْهَا سُبُلاً فِجَاجاً

ሊተስሉኩ ሚንሃ ሱቡላ ፊጃጃ

ሓፈሻዊ ትርጉም:-ምእንቲ ሰፊሕ መንገድታት ረኺብኩም ከም ድላይኩም ክትንቀሳቀሱ

ኣብቲ እዋን እቲ ሓደ ካፊር ዝኾነ ንጉስ ይገዝእ ነበረ እሞ ንኹሎም ህዝቢ ኣኪቡ ንኑሕ ከይትኸተልዎ ከይትዛረብዎ ከይትሰምዕዎ ከም እውን ጣዖት ምምላኽ ከይትገድፊዎ ኢሉ ኣዘዞም ኩሎም ህዝቢ ድማ ነቲ ንጉስ ተኸቲሎም ንሰይድና ኑሕ ከሓድዎ::

ሰይድና ኑሕ ኸኣ ከምዚ ዝስዕብ ቃል ናብ ረቡ ኣቕረበ:

قَالَ نُوحٌ رَبِّ إِنَّهُمْ عَصَوْنِي ***ቓላ ኑሑን ረቢ ኢነሁም ዓሰውኒ***

ሓፈሻዊ ትርጉም:-( ሰይድና ኑሕ ይብል ኦ ጎይታይ ሕዝበይ ክሕዱሙኒ ኣሓሲዩሙኒ ምእዛዝ ኣብዩሙኒ

وَاتَّبَعُوا مَنْ لَمْ يَزِدْهُ مَالُهُ وَوَلَدُهُ إِلاَّ خَسَاراً ***ወተበዑ መን ለም የዚድሁ ማለሁ ወወለዱሁ ኢላ ኸሳራ***

ሓፈሻዊ ትርጉም:-እቶም ድኹማት ነቶም ሓለፊቶምን ሃብታማተሙን ጡፉኣት ተኸቲሎም እሳቶም ኸኣ ገንዘብ ይኹን ውላድ ክውስኹሎም ዘይኩእሉ ኣብ ኣድንያ ክሳራ ኣብ ኣኸራ ድማ መቕጻዕቲ ክረኽቡ እዮም:

وَمَكَرُوا مَكْرًا كُبَّارًا ወመከሩ መክረን ኩባራ
ሓፈሻዊ ትርጉም:-((ኣዝዩ ዓቢ ተንኮል ድማ መሃዙ

እቶም ዓበይቲ ዓዲ ነቶም ኮራኩሮም ንሰይድና ኑሕ ንኽቀትልዎ ኣበራትዕዎም

وَقَالُوا لا تَذَرُنَّ آلِهَتَكُمْ وَلا تَذَرُنَّ وَدّاً وَلا سُوَاعاً وَلا يَغُوثَ وَيَعُوقَ وَنَسْراً

***ወቃሉ ላተዘሩና ኣሊሃቲኩም ወላ ተዘሩና ወደን ወለ ሱዋዓን ወለየቁሳ የዑቓ ወነስራ***

ሓፈሻዊ ትርጉም :እቶም ዓበይቲ ዓዲ ድማ በሉ ንኣምላኽኩም ( ንረብኹም ) ንወደን : ንሱዋዓን: ንየዑቕ : ወነስራ ምምላኽ ኣይትግደፉ በሉዎም

وَقَدْ أَضَلُّوا كَثِيرًا ***ወቖድ ኣደሉ ከሲራ***
ሓፈሻዊ ትርጉም:-ብርግጽ ንቶም ቡዙሓት ሰባት ኣጋግዩም ኣጥፊኦምን እዩም::

وَلا تَزِدْ الظَّالِمِينَ إِلاَّ ضَلالاً ***ወላተዚዱ ዛሊሚና ኢላ ደላላ***

بَلْ نَظُنُّكُمْ كَاذِبِينَ በል ነዙኑኩም ካዚቢን

ሓፈሻዊ ትርጉም:- ይብሉ ንዓኻን ንሳዓብትኻን

ሓሰውቲ ኢና ንቆጽረኩም

ሰይድና ኑሕ ዓ/ሰ ድዓ ገበረ ኦ ጎይታይ ነዞም ከሓድቲ በጀካ ጥፊኣትን ክሳራን ካልእ ኣይትሃቦም::

ሰይድና ኑሕ ዓ/ሰ 950 ዓመት ዳዕዋ ክገብር እንኮሎ ዝሰዓብዎ ኣዝዩም ውሑዳት ሰባት ነበሩ እሳቶም ኸኣ ባርያታት ድኻታት ዱኹማት ሰባት ነበሩ:: እቲ ንጉስ እዚ ምስ ረኣየ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ቦሎ ክንሰምዓካን ክንክተለካን እንተደኣ ደሊኻ እዚ ንብለካ ስማዕ ኢሎም ውዕል ኣተው:: እዞም ምሳኻ ደለው ድኻታት ስጎጎም ኣንሕና ኩቡራት ምስ እዞም ዱኹማት ድኻታት ቦታ ዘይብሎም ኣብ ሓደ ኮፈ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና እንሕና ቦታና ካልእ እዩ በሎዎ

ሰይድና ኑሕ ብኣያ ናይ ቁርኣን መለሰሎም ካብ ሱረት ሁድ

. فَقَالَ الْمَلأُ الَّذِينَ كَفَرُوا مِنْ قَوْمِهِ مَا نَرَاكَ إِلاَّ بَشَراً مِثْلَنَاፈቓለል መለኡ ኣለዚና ከፈሩ ሚን ቀውሚሂ ማነራካ ኢላ በሸረን ሚስሉና

ሓፈሻዊ ትርጉም :-እቶም ዓበይቲን ኩቡራትን ካብ ሕዝቡ ይብልዎ ንሰይድና ኑሕ እስኻ ከማና ተራ ሰብ ኢኻ ካባና ፉልይ ዝገብረካ ነገር የለን

وَمَا نَرَاكَ اتَّبَعَكَ إِلاَّ الَّذِينَ هُمْ أَرَاذِلُنَا ወማ ነራካ ኢተባዓካ ኢለለዚና ሁም ኣራዚሉና

ሓፈሻዊ ትርጉም :ንሪኣካ ኣሎና እዞም ዝስዕቡኻ ዘለው ንዑቃት ሰባት ቦታ ዘይብሎም እዮም::

ብናቶም ኣተሓሳስባ( እቶም ዓበይቲ ዓዲ ) ገንዘብ ዘሎዎ ክብረት ፊልጠት ኣለዎ ኣብ ቅዲሚ ረቢ ግን ከምኡ ኣይኮነን

بَادِيَ الرَّأْيِ ባዲይ ራእይ

ሓፈሻዊ ትርጉም:-ከምኡውን ይብሉ ኣተሓሳስባ ዘይቡሎም ብዘይ ምሕሳብ ዝሰዓቡኻ እዮም በልዎ

وَمَا نَرَى لَكُمْ عَلَيْنَا مِنْ فَضْلٍወማ ነራ ለኩም ዓለይና ሚን ፊዴሊ

ሓፈሻዊ ትርጉም:-ከምእውን ከምዚ ንሪእኩም ዘለና ክብረት ( ገንዘብ ) የብልኩምን በልዎ

بِسْمِ ٱللَّٰهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

*ረትሳል መጀመርታ እስላማዊ ሰላምታና ነቅርበልኩም አሰላሙ ወዓለይኩም*
*ወራሕመቱላሂ ወበረካቱ : እዚኣ ደማ መልሲ ናይ ዝሓለፈት ረትሲል ክትክወን እንከላ ኣብ ኣልዳዕዋ ቑጼሪ 43 ሕታም ዝነበረት እያ ::*

**Rätsel 07/07**



*ሓበረታ ኣመላላኣ ናይ ረትሳል :*

<u>ብ A.B,C.......ዝጀምር ንጉኒ ይምላእ</u>

a. ሓደ ካብ ኡሊልዓዝም ሩሱል
b. ኣብ ቀብርና ምሳና ተራፊ እንታ እዩ
c. ሰይድና ዒሳ ዝተወለደሉ ቦታ
d.ብድሕሪ ሞትና ሰደቃ ጃሬያ ዝኾነልና
e. ሓንቲ ሹሩጥ ናይ ሰላት
f. ፈጀርን ኣልዓሰርን እንታይ ይበሃላ
g. ጀና ብምንታይ ተኻቢባ ኣላ
h. ሰበይቲ ብኸንደይ ዓለባ ትክፈን
i. ብዙሕ ሓዲስ ረሱል ዝሓፈዘ ሳሓቢ

j. ልቢ ናይ ቁርኣን ተባህል ሓንቲ ሱራ ዘክር
k. ኣብ ቅያማ ተቂ ሰብ ምስመን ይምደብ
l. ንመጀመርታ ጽሑፈት ዘምሃረ ረሱል
m. ንእሽቶ ሽርኽ ዝበሃል እንታይ እዩ

<u>ብ 1.2.3.......ዝጀምር ደማ ንቁመት ይምላእ</u>

1. ኣብ ደቂ ሰባት ጨሪሽን ተረሰዓ ክልተ ኒዕማ
2. እንተደኣ ረክባ ኣርኪብካ ,እንታይ ኣርኪብካ
3. ሓወኻ ኣብ ኢስላም ብምንታይ እዩ
4. ንሰይድና ሱለይማን ሩጉጽ ወረ ዘምጸኢ እንስሳ
5. ባርያ ንረቡ ዝቀረበ ዝኹኑሉ እዋን መዓስ እዩ
6. ኣብ ሳዕይ ንጉዱ ጎያ እንታይ ይጸዋዕ
7. ንቁልዓ ኣብ ከብዲ ኣዲኡ መላኢካ ዝነፍሓሉ ቃል
8.ንመጀመርታ ዓው ኢላ ዝተቀርአት ሱራ ኣብ ሓረም
9. ኣድንያ ንሙስልም እንታይ እያ

10. ምስጢር ናይ ህጅረ ረሱል ዝዓቁበት
11. ኣረሱል ናብ መዲና ምስሃጀሩ ዝተቀመጡሉ ገዛ
12. ኣብ ሓረም ናይ ምስንባት ዝግበር ጠዋፊ
13. ሓንቲ ምልክት ናይ ሙናፊቅ

# بسم الله الرحمن الرحيم

إن الحمد لله نحمده ونستعينه ونستغفره ، ونعوذ بالله من شرور أنفسنا وسيئات أعمالنا ، من يهده الله فلا مضل له ، ومن يضلل فلا هادي له . أما بعد ؛؛

فإن موضوع تربية الأولاد مهم جداً ، يتوقف عليه مصلحة الآباء والأبناء معاً ، بل يتوقف عليه مستقبل الأمة والمجتمع ، لذلك اهتم الإسلام والمربون وعلى رأسهم المربي الكبير محمد صلى الله عليه وسلم الذي بعثه الله معلماً ومرشداً للآباء والأبناء ، ليكفل لهم السعادة في الدنيا والآخرة .

لذلك نج القرآن الكريم الذي فيه صلاحنا وفلاحنا يذكر الله تعالى فيه قصصاً تربوية نافعة ، كقصة لقمان الحكيم وهو يوصي ولده بوصايا نافعة مهمة ، وهذا رسول الله صلى الله عليه وسلم يغرس في نفس ابن عمه عبدالله بن عباس عقيدة التوحيد منذ الصغر ، وسيجد القارئ هذا كله ، مع غيرها من واجب الآباء نحو الأبناء ، وكذلك واجب الأبناء نحو الأبوين .

والله أسأل أن ينفع بها القراء ، ويجعلها خالصة لله تعالى.

وصايا لقمان لإبنه:

قال الله تعالى : {وَإِذْ قَالَ لُقْمَانُ لِابْنِهِ وَهُوَ يَعِظُهُ } ، هذه وصايا نافعة حكاها الله تعالى عن لقمان الحكيم -:

1- يَا بُنَيَّ لَا تُشْرِكْ بِاللَّهِ إِنَّ الشِّرْكَ لَظُلْمٌ عَظِيمٌ} إحذر الشرك في عبادة الله ، كدعاء الأموات أو الغائبين فقد قال صلى الله عليه وسلم ( الدعاء هو العبادة )

ولما نزل الله قوله تعالى : {وَلَمْ يَلْبِسُواْ إِيمَانَهُم بِظُلْمٍ} شق ذلك على المسلمين ، وقالوا : أينا يظلم نفسه ؟ فقال رسول الله صلى الله عليه وسلم : ( ليس ذلك ، إنما هو الشرك ، ألم تسمعوا قول لقمان لابنه :يَا بُنَيَّ لَا تُشْرِكْ بِاللَّهِ إِنَّ الشِّرْكَ لَظُلْمٌ عَظِيمٌ}.

2- وَوَصَّيْنَا الْإِنسَانَ بِوَالِدَيْهِ حَمَلَتْهُ أُمُّهُ وَهْنًا عَلَى وَهْنٍ وَفِصَالُهُ فِي عَامَيْنِ أَنِ اشْكُرْ لِي وَلِوَالِدَيْكَ إِلَيَّ الْمَصِيرُ}

ثم قرن بوصيته إياه بعبادة الله وحده البر بالوالدين لعظم حقهما ، فالأم حملت ولدها بمشقة ، والأب تكفل بالإنفاق فاستحقا من الولد الشكر لله ولوالديه .

3- وَإِن جَاهَدَاكَ عَلى أَن تُشْرِكَ بِي مَا لَيْسَ لَكَ بِهِ عِلْمٌ فَلَا تُطِعْهُمَا وَصَاحِبْهُمَا فِي الدُّنْيَا مَعْرُوفًا وَاتَّبِعْ سَبِيلَ مَنْ أَنَابَ إِلَيَّ ثُمَّ إِلَيَّ مَرْجِعُكُمْ فَأُنَبِّئُكُم بِمَا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ}

قال ابن كثير : ( أي إن حرصا عليك كل الحرص أن تتابعهما على دينهما ، فلا تقبل منهما ذلك ، ولا يمنع ذلك من أن تصاحبهما في الدنيا معروفاً أي محسناً اليهما ، واتبع سبيل المؤمنين)

أقول : يؤيد هذا القول النبي صلى الله عليه وسلم ( لا طاعة لأحد في معصية الله ، إنما الطاعة في المعروف)

4- يَا بُنَيَّ إِنَّهَا إِن تَكُ مِثْقَالَ حَبَّةٍ مِّنْ خَرْدَلٍ فَتَكُن فِي صَخْرَةٍ أَوْ فِي السَّمَاوَاتِ أَوْ فِي الْأَرْضِ يَأْتِ بِهَا اللَّهُ إِنَّ اللَّهَ لَطِيفٌ خَبِيرٌ}

قال ابن كثير ) : أي إن المظلمة أو الخطيئة لو كانت مثقال حبة خردل أحضرها الله تعالى يوم القيامة حيث يضع الموازين القسط ، وجازى عليها إن خيراً فخير ، وإن شراً فشر .

5- يَا بُنَيَّ أَقِمِ الصَّلَاةَ} أدها بأركانها وواجباتها بخشوع .

6- وَأْمُرْ بِالْمَعْرُوفِ وَانْهَ عَنِ الْمُنكَرِ} بلطف ولين بدون شدة .

7- وَاصْبِرْ عَلَى مَا أَصَابَكَ} علم أن الآمر بالمعروف والناهي عن المنكر سيناله أذى فأمره بالصبر ، قال صلى الله عليه وسلم : ( المؤمن الذي يخالط الناس ويصبر على أذاهم ، أفضل من المؤمن الذي لا يخالط الناس ولا يصبر على أذاهم)

إِنَّ ذَلِكَ مِنْ عَزْمِ الْأُمُورِ} أي إن الصبر على أذى الناس لمن عزم الأمور .
8- وَلَا تُصَعِّرْ خَدَّكَ لِلنَّاسِ
قال ابن كثير : ( لا تعرض بوجهك عن الناس إذا كلمتهم أو كلموك احتقاراً منك لهم ، واستكباراً عليهم ، ولكن ألن جانبك وأبسط وجهك اليهم) قال النبي صلى الله عليه وسلم ( تبسمك في وجه أخيك لك صدقة) .
9 - وَلَا تَمْشِ فِي الْأَرْضِ مَرَحًا} أي خيلاء متكبراً أجباراً عنيداً ، لا تفعل ذلك يبغضك الله ، ولهذا قال {إِنَّ اللَّهَ لَا يُحِبُّ كُلَّ مُخْتَالٍ فَخُورٍ} أي مختال معجب في نفسه ، فخور على غيره .
10-وَاقْصِدْ فِي مَشْيِكَ} أي أمش مشياً مقتصداً ، ليس بالبطئ المتثبط ، ولا بالسريع المفرط ، عدلاً وسطاً بين بين .
11-وَاغْضُضْ مِن صَوْتِكَ} أي لا تبالغ في الكلام ، ولا ترفع صوتك فيما لا فائدة فيه ، ولهذا قال {إِنَّ أَنكَرَ الْأَصْوَاتِ لَصَوْتُ الْحَمِيرِ}
قال مجاهد : ( إن أقبح الأصوات لصوت الحمير . أي غاية من رفع صوته أنه يُشبه بالحمير في علوه ورفعه ، ومع هذا هو بغيض إلى الله ، وهذا التشبيه بالحمير يقتضي تحريمه وذمه غاية الذم لأن النبي صلى الله عليه وسلم قال -:
أ) -ليس لنا مثل السوء ، العائد في هبته كالكلب يعود في قيئه)
ب- إذا سمعتم أصوات الديكة ، فسلوا الله من فضله ، فإنها رأت ملكاً ، وإذا سمعتم نهيق الحمار فتعوذوا بالله من الشيطان ، فإنها رأت شيطاناً)

من هداية الآيات:

1-مشروعية وصية الوالد لابنه بما ينفعه في الدنيا والآخرة .
2-البدء بالتوحيد والتحذير من الشرك لأنه ظلم يحبط الأعمال .
3 -وجوب الشكر لله ، وللوالدين ، ووجوب برهما ووصلتهما .
4- وجوب طاعة الوالدين في غير معصية الله ، لقول الرسول صلى الله عليه وسلم ( لا طاعة لأحد في معصية الله إنما الطاعة في المعروف ) .
5- وجوب اتباع سبيل المؤمنين الموحدين ، وتحريم اتباع المبتدعين .
6 - مراقبة الله تعالى في السر والعلن ، وعدم الاستخفاف بالحسنة والسيئة مهما قلت أو صغرت .
-7وجوب إقام الصلاة بأركانها وواجباتها والاطمئنان فيها .
8- وجوب الأمر بالمعروف والنهي عن المنكر عن علم ، ولطف حسب استطاعته .
قال الرسول صلى الله عليه وسلم : ( من رأى منكم منكراً فليغيره بيده ، فإن لم يستطع فبلسانه ، فإن لم يستطع فبقلبه ، وذلك أضعف الإيمان)
9- الصبر على ما يلحق الأمر والناهي من أذى ، وأنه من عزم الأمور .
10 - تحريم التكبر والاختيال في المشي .
11- الاعتدال في المشي مطلوب ، فلا يسرع ولا يبطئ .
12-عدم رفع الصوت زيادة على الحاجة ، لأنه من عادة الحمير .

*Gis ♦P.O.Box 10 13 44 ♦Wuppertal*



# Geduld

Es war einmal ein Junge, der einen schlechten Charakter hatte. Sein Vater gab ihm einen Sack voll Nägel und sagte ihm, er müsse jedes mal, wenn er die Geduld mit jemanden verliere, einen Nagel in den Gartenzaun schlagen.

Am ersten Tag schlug der Junge 37 Nägel in den Gartenzaun. In den folgenden Wochen lernte er, sich zu beherrschen. Die Anzahl Nägel im Gartenzaun wurde immer weniger. Er hatte herausgefunden, dass Nägel zu schlagen mühsamer ist als sich zu beherrschen.

Endlich kam der Tag an dem der Junge keinen Nagel mehr schlagen musste. Also ging er zum Vater und sagte ihm das. Der Vater sagte ihm also, er solle jeden Tag einen Nagel aus dem Gartenzaun herausreißen, wenn er sich beherrscht. Endlich konnte der Junge dem Vater sagen, dass er alle Nägel aus dem Gartenzaun herausgezogen hatte. Der Vater brachte den Jungen vor den Gartenzaun und sagte ihm: "Mein Sohn, du hast dich gut benommen, doch schau dir den Gartenzaun an. Er ist voller Löcher. Der Gartenzaun wird nie mehr so sein wie früher.

Wenn du mit jemandem streitest und du sagst ihm was Böses, dann lässt du ihm eine Wunde wie diese hier. Du kannst ein Messer in einen Menschen stecken, und du kannst es nachher herausnehmen, die Wunde bleibt. Es macht nichts aus wievielmal du dich entschuldigst, die Wunde wird bleiben. Eine verbale Wunde, ist gleich schmerzhaft wie eine körperliche Wunde.

Die Freunde sind rare Juwelen, sie bringen dich zum Lachen und sie geben dir Mut. Sie sind bereit dir zuzuhören, wenn du sie brauchst, sie unterstützen dich und sie öffnen ihr Herz."

(Autor unbekannt)

Allâhs Gesandter (s) hat gesagt:

"**Wer sich (ernsthaft) um Geduld bemüht, dem gibt Allâh Geduld, und niemandem wird Besseres und Umfassenderes gewährt als Geduld." (Bukhârî und Muslim)**

Quelle: http://www.mjd- net.de

إِنَّمَا يُوَفَّى الصَّابِرُونَ أَجْرَهُمْ بِغَيْرِ حِسَابٍ (10)

**Wahrlich, den Geduldigen wird ein unbegrenzter Lohn gewährt.**
(Az-Zumar, 10)

وَلَمَنْ صَبَرَ وَغَفَرَ إِنَّ ذَٰلِكَ لَمِنْ عَزْمِ الْأُمُورِ (43)

**Wer geduldig ist und vergibt: so ist dies gewiss (ein Zeichen) von fester Entschlossenheit.**
(Ash-Shura, 43)